12 ታሕሳስ 2024

**እቶም ተሰናበትቲ ኣባላት ቦርድ፡ ነቲ ሽግ ናብ ሓደስቲ**
**መራሕቲ ቅድሚ ምርካቦም በዓል የብዕሉ**

እቲ ኣብ 2024 ዝተኻየደ ናይ መወዳእታ ስሩዕ ኣኼባ ቦርድ ትምህርቲ ደካልብ ካውንቲ (DeKalb County Board of Education) ሰለስቲኦም ውፉያት ኣባላት ቦርድ ካብ ስርሖም ንኽወርዱ ኣብ ዝዳለውሉ እዋን ስለእተኻየደ፡ ልባዊ ምስጋና ብምሃብ ተዛዚሙ። DeKalb County School District (*DCSD*)፡ መሳርሕቲ፡ ሰራሕተኛታትን ኣባላት ኮምን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣኼባ ቦርድ፡ ንMrs. Anna Hill፡ Dr. Joyce Morleyን Mrs. Vickie B. Turnerን ክብሪ ተዋሂብዎም፣ ድሕሪኡ ድማ ንኽብርኦም ተባሂሉ እንግዶት ተገይርሎም።

እዚ ኣፍልጦ'ዚ፡ ክብሪ ዝተዋህበሉን ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ እምነ-ምዕራፍን እዩ። ንዝተዋህቦም ዕማም ብርትዒ፡ ፈጠራውነትን ርህራሄን ብዘካይዱ ሰለስተ ውልቀሰባት ንዝመጸ ጽልዋ መዛዘሚ ዝተገብረሉ ዕለት እዩ። ነፍስወከፍ ኣባል ቦርድ፡ ኣብ ትምህርታዊ ዓወትን ምሉእ ጥዕናን ተማሃሮ ማእከል ንዝገበረ ፋይናንሳዊ ክትትልን ፖሊስን ሓድሽ ዕድላት ንዝፈጠረ ዕዉት ስራሕ ኣሰር ሓዲጐም እዮም።

ዋና-ኣማሓዳሪ Dr. Devon Q. Horton፡ ኣብዚ ናይ ስራሕ ዓመታቶም ንዝሃብዎ ኣገልግሎትን ተወፋይነትን ክብሪ ሂቡ።

"ኣውራጃና፡ ብዝተኻእለ መጠን ብልጽትቲ ንምግባር ኣዝዩ ልዑል ዝደረጃኡ ተወፋይነትን ጻዕርን ብቐጻሊ ኣርእዮም እዮም" ብምባል ዋና-ኣማሓዳሪ DCSD፡ Dr. Devon Q. Horton ተዛሪቡ። "ነዛ ኣውራጃ'ዚኣ ንኽመርሓ ብቦርድ ስለእተመረጽኩ ኣዝየ ሕቡን እየ፣ ኣብ ጐኒ'ዞም ብሉጻት ውልቀሰባት ኮይነ ብምስርሐይ ድማ ልዕሊኡ ሓበን ይስምዓኒ።"

እታ ካብ 2021 ጀሚራ ወኪል ኣውራጃ 1 ኮይና ንዘገልገለት Mrs. Anna Hill፡ ምስ ፋይናንስ ዚተኣሳሰር ርጡብ ዚኾነ ክትትል ኣብ ስርሓ ትገብር ነይራ። ኣብ ጆርጅያ ፍቓድ-ስራሕ (ሊቸንሳ) ዝረኸበት እተመስከረላ ክኢላ ህዝባዊ ሕሳብ ብምዃና፡ ናይ ብዙሕ ዓመታት ተሞክሮ ምሕደራ ህዝባዊ ገንዘብን ምስ ኮም ድማ ዓሚቕ ምትእስሳርን ከምዝህልዋ ገይሩ እዩ፣ ውሉዳ፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ካብ Chamblee High School ተመሪቑ ከምዝወጸ ኣብሪሃ። Mrs. Hill፡ ኣብቲ ዝነበራ ናይ ስራሕ ግዜ፡ ሕብረት ንምጥንኻርን ንፋይናንሳዊ ምሕደራ ኣውራጃ ንምሕያልን ጽፉፍ ስራሕ ብምስራሓ ሓበን ይስምዓ።

"ከም እተመስከረላ ክኢላ ህዝባዊ ሕሳባት መጠን እንታይ ዓይነት ኣበርክቶን ሓገዝን ክህብ ከምዘሎኒ ብመንጽር ወላዲ ርኤየ" ብምባል ተዛሪባ። "ምሉእ ኣውራጃ ብሓደ ይዓቢ፣ ምሉእ ኮም ድማ ብሓደ ይዓቢ። ኣብ መላእ ኣውራጃ - ኲላን ሸውዓት ኣውራጃታት- ኣብ ዝሰራሕክሉ እዋን ብዛዕባ'ቲ ንነፍስወከፍ ኣውራጃ ዘምጽእክዎ ዘገርም ለውጢ ምስዝሓስብ፡ በቲ ዝሰራሕክዎ ስራሕ ኣዝየ ሕብንቲ እየ።"

እቲ Dr. Joyce Morley ወኪል ቦርድ ኣውራጃ 7 ኮይና ዝሰርሓቶ ስራሕ፡ ንኣገዳስነት'ቲ ንነዊሕ-እዋን ዚግበር ተወፋይነትን ትምህርታዊ ፍልጠትን ዜንጸባርቕ እዩ። Dr. Morley፡ ኣብዚ ቦርድ'ዚ ኣብ 2013 ካብ ዝተጸንበረትሉ ግዜ ከም ኣባል ኮይና ንነዊሕ እዋን ዘገልገለት ብምዃና፡ ብዛዕባ ዘገምታዊ ለውጢ DCSD ጽቡቕ ኣፍልጦ ኣለዋ። መምህር መንግስታዊ ቤት ትምህርትን መምህር ድሕረ-ካልኣይ ደረጃን ኮይና ብምስራሓ፡ ንዘለዋ ኣረኣእያኣን ርድኢትን ከምዝዓሙቕ ገይሩ እዩ። ህላወ'ቲ ኣውራጃ ኣብ ተማሃሮ ዝተሞርኮሰ'ዩ ትብል። እዚ ድማ እቲ ናይ መወዳእታ መዐቀኒ ዓወት'ዩ ትብል።

"ንልዕሊ 40 ዓመታት ከም መምህር ኮይነ ብምስርሐይ፡ ኣዝዩ ዓቢ ተሞክሮ ንኽጥሪ ገይሩኒ እዩ። እቲ ንዓይ ዝረኸቦ ዓቢ ካሕሳ፡ እቶም ተማሃሮ እዮም" ብምባል Dr. Morley ተዛሪባ። "ናብ ኣብያተ-ትምህርቲ ብኣካል ኣብ ዝበጽሓሉ ግዜ ወይ ካብ ርእሰ-መምሃራን ርእይቶ ኣብ ዝረኽበሉ እዋን፡ በቶም ተማሃሮ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ብዝካየድ ስራሕ—በቲ ዘሎ ኲሉ ኲነታት'ቲ ቤት ትምህርቲ ሕጉስቲ እየ።"

ወኪል ኣውራጃ 5ን ናይ ቅድም ኣደ-መንበር ቦርድን Mrs. Vickie B. Turner፡ ናይ ክልተ ዕቁድ (ክልተ-ዓሰርተ ዓመታት) ናይ ምምህርና ተሞክሮ ኣለዋ። ን10 ዓመታት ዝኸውን ግዜ ኣብ ቦርድ ኣብ ዘገልገለትሉ እዋን፡ ተኣማኒ ዝኾነ ድምጺ ብቐጻሊ ኣስሚዓ እያ። Mrs. Turner፡ ከም ምክትል ኣደ-መንበርን ኣደ-መንበርን ኮይና ንኽተገልግል ብመሳርሕታ ተመሪጻ፣ እቲ መሪሕነታ ድማ ብተኣማንነትን ብሓያል ሞራላዊ ዓቕምን ዝተመርሔ ነበረ። ንህይወት ናይቶም ኣብ DeKalb County ዝርከቡ ተማሃሮ፡ ስድራቤታትን ሰራሕተኛታትን ንኽተመሓይሽ ዝገበረቶ ኲሉ ጻዕሪ፡ ህዝባዊ ትምህርቲ ካብ ገዛእ-ርእሳ ንላዕሊ ኣዝዩ የገድስ ዚብል ኣረኣእያ ስለዝነበራ እዩ።

“ካብ ህዝባዊ ትምህርቲ ንላዕሊ ዚቕመጥ ዕላማ የለን። ንኮማትና ዘጋጥም ጸገምን ብድሆታትን ኲልና ብንጹር ክንፈልጦ ብምኽኣል፡ ኣብ መፍትሒኡ ክንነጥፍ ኣሎና ዚብል መርገጺ ኣሎኒ” ብምባል Mrs. Turner ትዛረብ።

“ኣካል ናይቲ መፍትሒ ኪትከውን ሓደ ነገር ስለዝኾነ፡ ንዓይ ኣገዳሲ ነይሩ። ኣዝዩ ዝተፈላለየ ድሕረ-ባይታ ምስዘለዎምን ኣብ ፍሉይ ዝኾነ DeKalb County School District ዕላማ ገይሮም ምስዝሰርሑን ጒጅለ ሰባት ንኽሰርሕ ዕድል ብምርካበይ ክብሪ ይስምዓኒ። ውሽጣዊ ጸዓት ብምርካብ፡ እቲ ንዓና ክብርን ፍሉይ ዕድልን ዝኾነ ብሉጽን ኣዝዩ ገዚፍን ነገራት ሰሪሕና ኢና።”

እዞም ዝሰናበቱ ዘለዉ ሰለስተ መራሕቲ፥ ዝተፈላለየ ድሕረ-ባይታ ንዘለዎም ኮም ምውህሃድ፣ ንህዝባዊ ገንዘብ (ፊስካል) ብሓላፍነት ምክትታል ከምኡውን ኣብቶም ኣዝዮም ዘገድሱ ተማሃሮ DeKalb County ኣተኲሮ ምግባር ዚብል ውርሻ ሓዲጎም እዮም።

እዞም ሓደስቲ ኣባላት ቦርድ ድማ ብሉጽ ሃዋሁ ትምህርቲ ኣብ መላእ ኣውራጃ ንኺዓቢ ንዝሰራሕ ኣገዳሲ ስራሕ ብዚምልከት ሓድሽ ምልከታ ከምዘምጽኡ ርግጸኛ እየ። እቲ ናይ ስራሕ ጒዕዞኦም፡ በቶም ቅድሚኦም ዝነበሩ ኣባላት ንዝተበጽሔ ኣዝዩ ብሉጽ ውጽኢታት ስራሕ ንኽይምጽኡ ንዚዕንቅጾም ነገራት ብምእላይ ዚጅምር እዩ።

XXX